## ብስራት ምስረታ ሰብ ሕድሪ ሲቪል ማሕበረሰብ ትግራይ

======================================

ዝኸበርካ ወያናይ ህዝቢ ትግራይ፤ መሪር መስዋእቲ ከፊልካ፣ ንስርዓት ደርጊ ደምሲስካ፣ ብሄርነት ዝኣምን ሕብረብሄራዊ ፌደራላዊ ሓድነት ኢትዮጵያ ክረጋገጽ፤ ሰዓራይ እናሃለኻ - መስዋእቲ ክፈለ እየ እሞ ንዓይ ንበይነይ ክይበልካ፤ ኣፍደገ ህንጸት ሰላም፣ ልምዓት ዴሞክራስን እዛ ሃገር ኣርሒኺካ፤ ጉዕዞ ካልኣይ ምዕራፍ ቃልሲ ካብ ትጅምር እንሆ 27 ዓመታት ተቖጺሮም ኣለው።

ክምቲ ኣብ እዋን ኲናት ዝኸበደን ዝመረረን መስዋእቲ እንዳኸፈልካ ዘይረብረብካ፤ ኣብ ህንጸት ዴሞክራስያዊ ሓድነት ኢትዮጵያ ውን ምእንተ ሓድነት ዝኸፈልካዮ መስዋእቲ ክንሓስብ ከለና፤ ሰብ ሕድሪ ደቅኻ እናሻዕ ኩርዓት ይስመዓና። ነዚ ሒዝናዮ ዘለና ጉዕዞ ህንጸት ሰላም፣ ልምዓት ዴሞክራስን ሰረት ዘንበረ ሕገ-መንግስቲ ክጸድቕ ምስ ካልኦት ህዝብታት ኢትዮጵያ ኮይንካ ዝፈጸምካዮ መስተንክር ዝንተእለት ታሪኽ ዝዝክሮ እዩ።

ምእንቲ ዴሞክራስያዊ ሓድነት እዛ ሃገር መላምል ደቅኻ ዝኸፈልካ፣ 17 ዓመታት መመላእታ ክፍትን ባህርያዊ ጸገማት ከየሰኮንካ ዝተቓለስካ፣ ዝሓሰመ ጸላኢኻ ሲዒርካ እንዳሃለኻ ንድሕሪት ተመሊስካ ክፋእ ዘኪርካ ሕነ ክትፈዲ ዘይሃቀንካ፣ ንኹሎም ህዝብታት ኢትዮጵያ ዘሳትፉ ሃገራዊ ትካላት ክትክሉ መስዋእትኻ ጸብጺብካ ዘይቆዘምካ፣ እቶም ሙኩራት ተጋደልቲ ደቅኻ ምእንተ ሃገራዊ ሓድነት ዕጥቆም ፈቲሖም እንስንጉ ካሕሳ ዘይሓተትካ፤ ኮታስ ንሃገር ዝተበጀካ ንስኻ ክቡር ህዝቢ ኢኻ እሞ መመሊስካ ክትሕበንን ክትውይንን ይግበኣካ።

ኮይኑ ግን፤ እቶም ትማሊ ኣስናኖም ዘርገፍካሎም ጸላእትኻ ናይ ወትሩ ጸላእትኻ እዮም እሞ፤ ብሓደ ገጽ እዚኣቶም መዓልቲ ሓልዮም ሕነ ክፈድዩኻ ብኻልእ ገጽ ድማ ዕላማ ገድልኻ ጠሊሞም ኣብ ናይ ውልቀን ጉጅለ ረብሓ ዝጠሓሉ ሰለዝኸሓዱኻ፤ ንደርጊ ሓመደ ድበ ካብ ተእቱ ድሕሪ 27 ዓመታት ኣብ ፈታኒ ምዕራፍ ክትርከብ ተገዲድካ ኣለኻ። ናይቶም ጸላእቲ ዕላምኦም ስለዝኾነ ኣይገርመናን እዩ። ነዞም ሕዱራት ጸላእትኻ ንሕና ሰብ ሕድሪ ደቅኻ ሎሚ ውን ክም ቀደም ዋልታን ድርዕን ኮይና ክምክቶም ኢና። እቲ ኣብ መስርሕ ምዕቃብ ዓወታትካን ምቕጻል ዘይዛሪ ጉዕዞኻን ኣጋጢሙ ዘሎ ባዕላዊ ጸገም ግን ካብ ዝኾነ ግዜ ንላዕሊ ብብልሓት ክትሪኦን ክትምርምሮን ክምዘለካ ትስሕቶ ኣይኮነን።

ኣብ ክምዚ ዝበለ ሃዋህው እዩ እምበኣር ሰብ ሕድሪ ደቅኻ ኣለናልካ ንብለካ ዘለና!

ንሕና ሰብ ሕድሪ ደቅኻ ጸገማትካን መገፋዕታኻን ክንእሊ ዝተሳእና ሲቪል ማሕበረሰብ ትግራይ ኢና። ሰብ ሕድሪ ፍርያት ገድልኻ ዝኾኑ መናእሰይ ሙሁራን ተጋሩን ሕዚ ውን ሕድሮም ዘይጠለሙ ካብቲ ናይ ትማሊ ገድሊ ብህይወት ዝተረፉ ሓርበኛታት ተጋደልትን ብጥምረት ዝፈጠርዎ ሲቪል ማሕበረሰብ እዩ። ሰብ ሕደሪ ብዘይ ናይ ፓለቲካ ስኑ-ሓሳብ፣ ሃይማኖት፣ ጾታን ደርቢን ፍልልይ፤ ተጋሩ ክም ተጋሩ እቲ ኣጋጢሙና ዘሎ ተኣፋፊ ኩነታት ክም ወትሩ ሓድነትና ሰሚሩ በዲህና ክንሓልፎን ብመሪር መስዋእትና ዝተረኸቡ ዓወታት ተዓቂቦም ዋሕዚ ህላወና ክረጋገጽ ዝተመስረተ ትካል እዩ። ሰብ ሕድሪ ውግንንኡ ንረብሓን ክብርን ትግራይ ክምኡ ውን ረብሓኻን ክብርታትካን ክረጋግጽ ብኩለመዳያዊ መስዋእቲ ንዝሃነጽካዮ ሕገ-መንግስታዊ ስርዓትና እዩ።

ሰብ ሕድሪ ኣብዚ ተኣፋፊ እዋን ሕላገት ገድልኻ ተዓጢቑ ዓወት ወያንኻ ክይብርዕን ንምሕላው ኢሉ `ውን ኣብዚ ዘመን ዘጋጥሙኻ ማሕለኻታት ነዚ ዘመን ብዝመሰሉ ስትራቴጂታትን ሰልታትን

እንዳፈትሐ፤ ቀጻልነት ዓወትካ ክረጋግጽ ዝተጣየሸ ሲቪል ማሕበር እዩ። ሰብ ሕድሪ ጸገማት ህዝቢ ትግራይ ግብራዊ ፍታሕ ክረኽቡ፤ መንግስትን ተቓወምቲ ውድባት ዘይመልእዎም ንኻላት ክዓብስ ዝነቐለ ማሕበር እዩ።ብምኽኑ ድማ ነዚ ኣጋጢሙና ዘሎ ተኣፈፊ ኩነታት፤ ልዕሊ ዝኾነ እዋን ፍልልይና ጼርና ብሓድነት ክንሰገሮ ከምዘለና ኣሚኑ ዝተቐበለን ውራይ ሓድነትን ምዕቃብ ገድሊ ህዝቢ ትግራይን ኣብ ቅድሚት ዝሰርዐ ሲቪላዊ ውዳብ ጉዱሳት ተጋሩ እዩ። ሰለዝኾነ ሰብ ሕድሪ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ወለዶታት ዝሳገር ዋሓዚ ሕድሪ ምኻኑ ብምእማን ንፖለቲካዊ ፍልልያትን ጎንጽ ሰነ-ሓሳብን ከም ጸጋ ተቐቢሉ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝርያ ሓድነቱ ከም በዓል ዋና ክዓስል ይጽውዕ።

ሰብ ሕድሪ ዋሕዚ ቃልሲ ሓርነት ህዝቢ ትግራይ መሰርዑ ሓልዩ ክፈስስ ካብ ዘለዎ እምነት፤ ውርሲ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ከይዛረ ኣብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝተሳተፉ ተጋደልን ሓዱሽ ምሁር ወለዶን ክራኽቡ ዓሊሙ ኣብ ርእሲ ምጥያሹ፤ ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ዘረጋግጽ ሕብረብሄራዊ ፌዴራላዊ ሕገ-መንግስታዊ ስርዓት ተጠናኺሩን ደልዲሉን ክቕጽል፤ ከም መጠን ሲቪል ማሕበር መትከላት ልዕልነት ሕጊን ሕገ-መንግስታውነትን ክረጋገጹ ከም ሽቶ ዝጨበጠ ማሕበር እዩ።

ብመሪር መስዋእትኻ ዘረጋገጽካዮም ዕላማታትካ ማለት ውን ብሄራዊ ሓርነትካ፣ ዴሞክራስያዊ ሓድነት ኢትዮጵያ፣ ከምኡ ውን ከም ኩሎም ህዝብታት ክትረኽቦም ጸሚእካ ዋጋ ዝኸፈልካሎም ዕላማታት ሰላም፣ ልምዓትን ዴሞክራስን ከይተሸራረፉ ክረጋገጹ ሰብ ሕድሪ ደቅኻ ቅድሚ ኩሉን ልዕሊ ኹሉን ዝሰርዕዎም ሽቶታት እዮም።

<u>ዝኸበርካ ኣብ ዓድን ወጻእን ትርከብ ህዝቢ ትግራይ!</u>

ንዝሓለፉ 27 ዓመታት ባህግታትካ ክተግህድ ዘሳለጥካዮ ጉዕዞ ከምቲ ዝሓሰብካዮ ከምዘይኮነልካን ከም ዝጎሃኻን ሰብ ሕድሪ ደቅኻ ንኣምን። ኣሚንና ውን እጃምና ክንወጻእ ቆሪጽና ተላዒልና ኣለና። ንፍትሒ ከምዘይተቓለስካ ፍትሒ ምስእንካ፤ ንርህውትን ብልጽግትን ትግራይ/ኢትዮጵያ ከምዘይታቓለስካ "ኣብ ዓጋም ዝተጸገዐ ቆልቃል" ኮይንካ ምሉእ ሰላም ከምዘይረኸብካ፣ ዋላ ኑተንጎቦታት  ዓድኻ ውን ኮስኪስካ ኣብ ዓድኻን መረበትካን ሃፍቲ ክተፍሪ ከምዘይተቓለስካ ንሰደት ከምዝተዳረግካ፣ በጃ እዛ ሃገር ከምዘይ ወደቕካ ዘይሸማካ ሽም ተዋሂብካ ከም ዝጸለምካ፣ ክብድኻ ብጥሙዩ ዝባንካ ብዕሩቑ ብሰሪ ናይ ሕሶት ጸብጻባጽ ዘይበላዕካዮ ከምዝበልዑኻ - ክንርእን ክንሰምዕን ከለና ዘወረስካና ብሄራዊ ሕራንን ኒሕን ኣገዲዱና እዩ እምበኣር እጃምና ክንውፊ ቆሪጽና ተላዒልና ዘለና።

**ዝኸበርኩም ሓርበኛታት ተጋደልቲ፣ ስድራ ስውኣት፣ ጉድኣት ኲናት ትግራይ!**

ንስኹም ኣብቲ ናይ 17 ዓመታት መሪር ቃልሲ ጫፍ ብልሒ ገድሊ ህዝቢ ትግራይ ኮይንኩም መስዋእቲ ምኽፋልኩም ክትሕበኑ ይግባእ። ንስኹም ሓበን ትግራይ ኢኹም። ብሻላ ንስኹም ዝኸፈልኩሞ መስዋእቲ እንሆ ብሄራዊ ሓርነትን ሕገ-መንግስታዊ ስርዓት ጋህዲ ኮይኖም፤ ዋላካ ከምቲ ባህግና እንተዘይኮነ ፍረታት ገድልና ክንርኢ በቒዕና ኣለና። እንተኾነ ግን ዓወት ወያነ ትግራይ ዝፍትኑ ኩነታት ተፈጢሮም እለው እሞ ሎሚ ውን ከም ትማሊ፤ በቶም ድሕሪ ዓወት ዘጋጠሙኹም በደላትን ሰንከልከልን ከይተሰኮንኩም ክትሕርኑን ንዓና ንሰብ ሕድሪ ደቅኹም ኣጆኹም ክትብሉና ንጠልብ። ኣብ ጎድኒ ሰብ ሕደሪ ደቅኹም ተሰሊፍኩም ከይረብረብኩም ወያናይ ሓቦ ከምተስንቑና ውን እምነትና ክንገልጸልኩም ንፎቱ።

## ዝኸበርኩም ኣባላትን መሪሕነትን ህወሓት

ውድብ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ - ገድሊ ህዝቢ ትግራይ መሪሑ ዘዐወተ ታሪኻዊ ውድብ ምኻኑ፤ ንስኹም ኣባላትን መሪሕነትን ጥራሕ ዘይኮንኩም መላእ ህዝቢ ትግራይ ኢሉ ውን መላእ ህዝብታት ኢትዮጵያን ካልኦት ተቓለስቲህዝብታትን ዓለምን ዝምስክርዎ ሓቂ እዩ። በዚ ንስኹም ጥራሕ ዘይኮንኩም መላእ ህዝቢ ትግራይ ንሕና ውን ከም ሰብ ሕድሪ ንሕበን። እንተኾነ ህወሓት ውድብ እዩ እሞ ውድብ ከኣ ናይ ሰባት እኩብ ምዃኑ ኣሚንኩም፤ ኣብ መስርሕ ጉዕዞ 43 ዓመታት ህወሓት ከም ውድብ ክምኡ ውን ነቲ ውድብ ዝመርሐ ውልቀ መራሕቲ ዝፈጸምዎም ጌጋታት ከምዘለው ብምእማን፤ ምእንተ ሀንጸት ዴሞክራሲ፣ ምእንተ ትስፉው መጻኢ፣ ምእንተ ሰለጤን ልምዓትን ሰላምን፤ ንናይ ሓሳብ ፍልልያት ክብሪ ክትህቡ ክንዘኻኽረኩም ንፈቱ። እዚ ዝኸውን ምእንተ ምዕቃብ ዓወታት ወያነ ህዝቢ ትግራይ ጥራሕ ዘይኮነ፤ ምእንተ ጥንካረ ውድብኩም ውን እዩ። ሰለዚ ንሕና ሰብ ሕድሪ ኣባላትን መሪሕነትን ህወሓት ንተበግሶና ክትድግፉ ጻውዒትና ነቕርብ።

## ዝኸበርኩም ኣባላትን መሪሕነትን ተቓወምቲ ውድባት

ህዝቢ ትግራይ ትማሊ ያሒት መስዋእቲ ዝኸፈለ ምእንተ ሀንጸት ዴሞክራስን ሕገ-መንግስታውነትን እዩ። ትግራይ ኢሉ ውን ሃገርና ኢትዮጵያ ሓደ ውድብ ወይከኣ ናይ "መን ኣለኒ" በሃልቲ ውልቀ ሰባትን ጉጅለታት ከም ድሌቶም ዝዕድሩላ ክይትኸውን እዩ ህዝብና ዝተቓለሰን መስዋእቲ ዝኸፈለን። ብፍላይ ንሕና ንተጋሩ ብዝበለጸ እዚ ሓዱሽ ወለዶ፤ንፍትሒ ማዕርነትን ክምዘይተቓለስና ዓወት ግድልና ናብ ሓደጋ ክሳብ ዝኣቱ ጸረ ዴሞክራስያዊ ኣካይዳታት ሰፊኖም ዓድን ሃገርን ናብ ሓደጋ ክኣትውሰቕ ኢልና ንሪኤሉ ሕልና ክህሉ ኣይግባእን። ሰለዝኾነ ሰብ ሕድሪ ከም ሲቪል ማሕበር ሕገ-መንግስቲ ሃገርና ክይተሸራረፈ ክፍጸም ሰለዝኣምን፤ ንስኻትኩም ኣባላትን መሪሕነትን ተቓወምቲ ውድባት፤ ሕብረ-ውድባውነት ክዕምብብ ዝለዓለ እጃም ክምዘለኩም ክንዘኻኽረኩም ንፈቱ። ምዝኽኻር ጥራሕ ኣይኮነን ሰብ ሕድሪ ከም ሲቪል ማሕበር ብዘይ ናይ ፓለቲካ ፍልልይ ተጋሩ ኣብ ስሙር ሓድነት ኮይና ጉዕዞ ሀንጸት ዴሞክራስን ልዕልና ሕግን ክሳለጥ ቀዳምነት ሂቡ ሰለዝንቀሳቐስ፤ እጃምኩም ክትውፍዩ ንጽውዕ።

<u>ዝኸበርካ ምሁር መንእሰይ ትግራይ!</u> ንዝሓለፉ 5 ዓመታት ህዝቢ ትግራይ ካብ ደገን ወጻእን ዝመጽዎ ዝነበሩ ተጻብኦታት ክትምክት፤ ከምቲ ዘመን ዝጠልቦ ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ክቲትካ ንዘርኣኻዮ ሓቦ ዝተመልአ ቃልሲ ሰብ ሕድሪ ናእዳና ወሰን የብሉን። ኣብቲ ካብ ዝተፈለላዩ ሸነኻት ዝተፈነዉ ተጻብኦታት ዝበዝሕሉ መድረኽ፤ መኪትካ ጥራሕ ዘይኮነስ፤ ዝበለጹ፣ ቡሱላትን ገስገስትን ሓሳባት ሒዝካ ብጸብለሊታ ጎብለል ምባልካ ክትሕበንሉ ይግባእ። ሰብ ሕደሪ ሲቪል ማሕበረሰብ ክምስረት ውን ናትካ ምልዕዓል እቲ ዝዓበየ እጃም ክምዝኾነ ክንፍልጠካ ንደሊ። በዓል ዋና ሰብ ሕድሪ ንስኻ ኢኻ። ሰብ ሕድሪ ከም ሲቪል ማሕበር ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ክይዛሪ፤ ሰብ ተመክሮ ዝኾኑ ተጋደልቲ ተመክሮኦም ክሕልፉሉ ዝኽእሉ ዕድል ንምፍጣር ደኣ እዩ ናይ ተጋደልትን መናእሰይ ውሁድ ክኸውን ተደልዩ እምበር፤ ፈጣሪ ማዕበልን ቀላሲ መጻኢ እንፈት እዚ ማሕበር ንስኻ ባዕልኻ ምሁር መንእሰይ ትግራይ ኢኻ። በዚ ክትሕበን ይግብኣካ። ዕላማታት ሰብ ሕድሪ ትስከመሉ ማእገር ክምዘለካ ሰለንኣምን ከኣ ጫፍ ብልሒ መሪሕነት ንስኻ ምዃንካ ኣሚንካ፤ ኣብዚ ተኣፋፊ እዋን ዋሕስ ህዝብኻ ኮይንካ፣ ፍልልይካ ጁርካ፣ ኣብ ዙርያ ብሄራዊ ሐርነትካ ምስ ውዳበኻ ሰብ ሕድሪ ክትዓስል ጻውዒትና ነቕርብ።

እምበኣር ዝኸበርካ ህዝቢ ትግራይ፣ ዝኸበርኩም ተጋደልቲ፣ ዝኸበርኩም ስድራ ሰውኣትን ጉዱኣት ኩናትን፣ ዝኸበርኩም ኣባላትን መሪሕነትን ህወሓት፣ ዝኸበርኩም ኣባላትን መሪሕነትን ተቓወምቲ ውድባት፣ ብዝያዳ ድማ ዝኸበርካ መንእሰይ ትግራይ - ዓወት ገድሊ ህዝቢ ትግራይ ክይዛሪ፣

ክብርታት ህዝቢ ትግራይ ክዕቀብ፣ ብሄራዊ ሓርነትን ረብሓን ህዝቢ ትግራይ ክረጋገጽ፣ ህንጻት ሕብረብሄራዊ ዲሞክራሲያዊ ሓድነት ኢትዮጵያ ክረጋገጽ፣ ሕገ-መንግስቲ ሃገርና ክይተሸራረፈ ክፍጸም - ብተበግሶ ሙሁራት መናእሰይን ሓርበኛታት ተጋደልትን - ብመሪሕነት መናእሰይ ሙሁራን ተጋሩን፣ ኣብ ትግራይ ኢሉ ውን ኣብ መላእ ሃገርን ዓለምን ዝንቀሳቐስ "ሰብ ሕድሪ ሲቪል ማሕበረሰብ ትግራይ" ዝተብሃለ ሲቪል ማሕበር ከም ዘጣየስና ክነበስረኩም ንፎቱ፡፡

ምስረታ ሰብ ሕድሪ ክገሃድ ኣብ ውሽጢ ዓድን ወጻእን ዝነብሩ ሓርበኛታት ተጋደልትን መናእሰይ ሙሁራንን ንልዕሊ ሸሞንተ ኣዋርሕ ጻዕሪም ዘውፈርሉ ኮይኑ፣ ድሕሪ ብዙሕ ድኻምን ጻዕርን ሕጋዊ ኣካልነት ክረክብ፣ ለሚ መጋቢት 12/2010 ዓ/ም ናብ ቢሮ ፍትሒ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምዝገባ ኣትዩ ኣሎ፡፡ በዚ ኣጋጣሚ ማሕበርና ሕጋዊ ኣካልነት ምስረኸበ ብዛዕባ ዝርዝር ዕላማታትናን ኣፈት መጻኢ ጉዕዞናን ንህዝብና ክምንዝርግሕ ክንፍልጥ ንፎቱ፡፡

ምስ ወያናይ ሰላምታ !

<u>ግዝያዊ ቦርድ ኣመራርሓ ስራሕን ቁጽጽር ኮሚቴን</u>

መሓሪ ዮሃንስ ገብሩ

ጎይቶኦም ገ/ብሄር በርሀ

ኣግኣዚ መብራሀቶም ወልደምህረት

ክንፈ ሓዱሽ በላይ

መትከል ኣረጋይ ገብረየሱስ

ዓንደማርያም ዮሃንስ ሞጎስ

በለጽ ገብረሚካኤል ፍሰሃ

ልኡል ዓይንምሸት ገብሩ

ሓጎስ መዝገበ እጽባሃ

ኣብርሃ ኣክሎም ኣብርሃ

ጉዑሽ መረሳ ውነህ

ተስፋሚካኤል ግደይ ኪዳነማርያም